# ሢመተ ክህነት
# ኣባ ኣንቶንዮ ምስግና



ተረንኳ ፲፫ ኅዳር/መሸወሪ ፳፻፲፰/ 22 Nov 2025

ሎሚ ኣምላኽ ዝሃበና ጸጋ ክህነት ንምምስጋንን ርሑስ ይኹና፣ክህነትካ ሰሚርናሉ ኣሎና ቢልና ንምርቀሉ እዩ።



- ኣብ ኲሉ ታሪኽ ሃይማኖታት ካህን ዘይብሉ ኣይርከብን፣ ኣዳም ምስ ተፈጥረ ከይበደለ እንተ ዝቕመጥ ነይሩ፣ ናይ ኪለው ፍጡር ካህን ምኾነ፣ ንፈጣሪ ዘለዓለማዊ ክብሪ ምሃበ ነይሩ።

- ነዚ ቅጹል ርክብ ፈጣርን- ፍጡርን ግን፡ሓጢኣት ኣዳም ፈላለዮ፡ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ብሰንኪ ኃጢኣት ጋግ ተፈጥረ ።



•ነዚ ዓቢይ ጋግ ከራኽቡ መንጎኛታት በብዘመኑ ካብ መንጎ ደቂ ሰባት ብሕርየት ተላዕሉ፡

•ደቂ ሰብ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም <u>ሐደ መንጎኛ</u> ምስ ኣምላኽ የድልየና ቢሎም ዝኣምንዎ ከም ዝነበረ ጥንታውያን ዝኾኑ እምነታት ዓለም ይምስክሩ ፡ ጽርኣውያን፡ ሮማውያን፡ ባቢሎናውያን፡ ግብጻውያን ... ኩሎም ንኣገልግሎት እምላኽ ዝተወፈዩ ሥርዓት ኣምልኮ መሥዋዕቲ ዘዕርጉ ዝተመርጹ ውሱናት ሰባት ነበርዎም።

•እንተኾነ ነቲ ጋግ እቲ ብምልኣት ድልድል ዝኸውን ኣይተረኽበን፡

- ኣብ ምልኣት ጊዜ እግዚኣብሔር ወልድ ሥጋና ለቢሱ ሓቀኛ ድልድል ኮነ፡ነዚ ድልድል’ዚ ብቀጻልነት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶን ዘመሓላልፍ <u>ክህነት</u> ሠርዓልና፡ ካህናት ክርስቶስ ከኣ ተሰመዩ።
- ሎሚ እንበኣርከስ ነዚ መንጎኝነት’ዚ ዝውፈ ወድና እንሆ ተቀሪቡ ፡ ከም መምህሩን ጎይታኡን ኣሰረ-ኣሰሩ እናሰዓበ- ብጉዕዞ ቀራንዮ ኣቢሉ ኣብ መስቀል ብምዕራፍ ንኣሕዋቱ ክበድ ዋጋ ድሕነት ከርኢ ወንጌል ከበስር እንሆ ንኹሉ ሓዲጉ - ይውፎ’ሎ፡ እዚ ወፈያ’ዚ ከኣ ካልእ ኣይኮነን ተልእኮ’ዩ።

**“ወዘሰ ቀደሰ ኣብ፡ ወፈነዎ ውስተ ዓለም”** (ዮሓ 10፡36)

➢ በከመ ፈነወኒ ኣብ፡ ከማሁ ኣነሂ እፌንወክሙ፡

ክርስቶስ ንቅድስናኡን ተልእኮኡን ንኹሎም ምእመናን ኣካፊልዎ፡ ንገለ ከኣ ብፉሉይ ካህናት ኪኾኑ ጸውዖም ፡

ሓዋርያት ብሓይሊ’ቲ ዝተቀበልዎ ቅብኣት መንፈስ ቅዱስ ንክርስቶስ ካህን ዝመሳሰሉ ብፉሉይ ማሕተም ስለ ዝተዋህቡ ኢዩ። ንኪለው ብስም ክርስቶስ ክፍጽሙ ሥልጣን ይቅበሉ፡ ከምኡ ውን

1) ወንጌል ክሰብኩ
2) መስዋዕተ ቀራንዮ ክፍጽሙ ስለዚ ዋና ተልእኮ ካህን ነቲ ክርስቶስ ዝፈጸሞ ፡ “ ካልእ ክርስቶስ” ኮይኑ ንናይ ዘመኑ ሰባት ድሕነት ምብጻሕ እዩ ።



ካህን ከምቲ ቅ.ጳውሎስ ዝብለና፡ ካብ ማእከል ሰብ ተሓርዩ መስዋዕትን መባእን ስለ ጥቅሚ ሰብ ዘቅርብ እዩ ።

(ዕብራ 5 ፡1) ከምቲ ክርስቶስ ቦዅሪ ሓው ኮይኑ፡ እንትርፈ ብሓጢኣት ብዅሉ ንሰብ ዝመሰለ ፡ ካህን’ውን ኣብ ማእከል ሕዝቡ ይነብር። እንተዀነ ከምኣቶም ተራ ሰብ ኣይኮነን።

ዘፀ 28:1-8 = ንስኻ ንኀውኻ ኣሮንን ንደቁ ናዳብን፡ ኣቢሁን፡ ኣልኣዛርን፡ ኢታማርን፡ ካህናት ኮይኖም ኬገልግሉኒ ካብ ደቂ እስራኤል ፈሊኻ ናባኻ ኣቅርቦም፡ ንኣሮን ኃውኻ ድማ ክቡርን ዘጌጼን ቅዱሳት ኣልባስ ግበርሉ ፡ ንስኻ ከኣ ነቶም መንፈስ ጥበብ ዝመላእክዎም ክኢላታት ዝኾኑ ሰባት ኩሎም፡ ኣሮን ብክህነት ከገልግለኒ ኣልባስ ኪገብሩሉ ንገሮም ፡ እቲ ዝገብርዎ ኣልባስ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ፡ እቲ ሳንቃ ኣፍልቢ = ኤፎድ፡ ቀሚሽ ላዕሊ፡ ዝተጠልፈ ቀሚሽ ውሽጢ፡ መጠምጠምያ፡ ቅናት፡ ኣሮንን ደቁ ካህናት ኮይኖም ኬገልግሉኒ እዚ ቅዱስ ኣልባስ እዚ ይግበረሎም ፡

ካብ ሕዝቢ - ተሓርዮም ንእግዚኣብሔር ከም ዝውፈዩ ዘረድእ

- ተራ ሰብ እዮም ፡ደቂ እገሌ. . .

- ንፍሉይ ጉዳይ ከም ዝተሓረዩ ዘርኢ ከኣ ኣልባስ ፡

- ናይ ዘመኖም ሕዝቢ ንኣገልግሎት ኣምላኽ ዝተወፈዩ ምኧኖም በቲ

ኣልባሶም የለልይዎ ነበሩ።

- ➢ ኣብ ዘመን ሓዲስ ኪዳን ኣበው ነዚ ናይ ብሉይ ኣከዳድና ብፍሉይ ምስ ናይ ክርስቶስ ኣተሓሒዞም ናባና ኣብጽሕዎ ፡
- ➢ እቲ ዘገድስ ብኹሉ ንክርስቶስ ምምሳል እዩ ፡ ስለዚ ልብሰ ተክህኖ መለለዩና ስለዝኾነ ከይንዝንግዖ ናይዚ ዕለት ፍጻሜ ሓደራ ይበልና ኣሎ።
- ➢ ቀጺሉ ጻው፡ ካህን ምእንቲ ድሕነት ካልኦት፡( 1 ቆሮ 9 ፡ 19) ኣነ ካብ ኩሉ ሓራ ከለኹ ፡ ንቡዙሓት ምእንቲ ክረብሕ ንርእሰይ ባርያ ኩላቶም ገበርኩዋ፡
    - ሓራ a free man = Roman citizens as Christians not subject to the law of sin
    - ምእንቲ ክረብሕ = ናብ መንገዲ ክርስቶስ ንምቅራብ
    - ባርያ ኩላቶም = ንዝኾነ ሕብረተሰባዊ ኣሰራርዓ ተመሳሰልኩዎ

- ነቶም ኣይሁድ ምእንቲ ክረብሕ፡ ምስ ኣይሁድ ኣይሁዳዊ ኮንክኩ

- ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ምእንቲ ክረብሕ ከኣ፡ ባዕለይ እኳ ትሕቲ ሕጊ ዘይኮንኩ፡ምስቶም ትሕቲ ሕጊ ከም ዘለኹ ኮንኩ፡

- ነቶም ሕጊ ዘይብሎም Pagans ምእንቲ ክረብሕ ፡ ኸሕ እኧ ሕጊ ኣምላኽ ዘሎኒን ብሕጊ ክርስቶስ ዝነብርን እንተኾንኩ፡ ምስቶም ሕጊ ዘይብሎም ሕጊ ከምዘይብሉ ኮንኩ፡

- ነቶም ድኹማት Christians burdened with the scruples ምእንቲ ክረብሕ ድማ፡ ምስ ድኹማት ድኹም ኮንኩ፡

- ብኹሉ መንገዲ ንገሊኦም ምእንቲ ክድሕን፡ ንኹሉ ሰብ ኵሉ ኮንኩ ፡ እዚ ግን ካብ በረኸት ምእንቲ ክካፈል ምእንቲ ወንገል ኢለ እየ ዝገብሮ ዘለኹ።

ወንጌል =ኣብ ኩሉ ኪበጽሕ

- እዚ ሎሚ እንፍጽሞ ስሜተ ክህነት ነዚ የረድኣና፡ ልኡኽ ምዃን፡ማለት መልእኽቲ ድሕነት ናብ ኣሕዋቱ ምብጻሕ ፡ ገድሊ ድኺሙ ንሱ ፡ጻምኡ ከኣ መስቀል እዩ ፡ ክብረቱ ከኣ መስቀል’ዩ፡ ከመይ መስቀል - ናብ ትንሣኤ ስለዘምርሕ። ንኹልና እቶም በዚ ፍሉይ ጸጋ ክህነት እተጸዋዕና ከኣ ዕለት ተሓድሶን ተዘክሮን፡ ዕለተ ዝኽሪ’ዩ ከበድ ሓላፍነት ክህነት ኢዩ።



ኣምላኽ ከምቲ ንሓዋርያት ብጸጋኡ ዘሰነዮም፡ ነዚ ሓዲስ ተሠያሚ ከኣ ብጸጋኡ የሰንዮ።

ጥበበ ሲርክ 2፡1-6 ዘከመ ይደሉ ተአምኖ በእግዚኣብሔር፡

| | |
|---|---|
| "ወልድየ ለኣመ ሖርከ ትትቀነይ ለእግዚኣብሔር፡ አስተዳሉ ነፍሰከ ለሕማም። ወአርትዕ ልበከ ወተዐግሥ፡ ወኢትትወላወል ወለእመ ተመንደብከ ኢትናፍቅ። ዳእሙ ትልዎ ለእግዚኣብሔር ወኢትኅድጎ፡ ከመ ትብዛሕ ሕይወትከ በደኃሪትከ። ወተወከፍ ኵሎ እንተ በጽሐከ፡ ወተዐገሥ በመዋዕለ ተጽናስከ። እስመ በእሳት ያሜክርዎ ለወርቅ፡ ወብእሲ ጻድቅ በሓማመ ተጽናስ ያሜክርዎ፡ ተኣመኖ እግዚኣብሔር ዳእሙ ወይረድኣከ፡ ወአርትዕ ፍናዊከ ወተወከል ቦቱ" | ኦ ወደይ ንእግዚኣብሔር ክተገልግል እንተደ ኰንካ ገዛእ ርእስኻ ንጸገም ኣሰናዱ፡ ልብኻ ኣቅንዕ፡ተዓገሥ፡ እንተ ተፈቲንካ አይትጠራጠር፡ ሰጋእ'ውን አይትበል፡፡ ኣብ መጨረሽታ ዕድሜኻ ምእንቲ ክበዝሕ፡ንእግዚአብሔር ሰዓቦ። ክምቲ ንወርቂ ብሓዊ ዝፍትንዎ፡ ንጻድቅ ሰብ ከኣ ብፈተናታት ዘጨንቅዎ፡ኵሉ ዝበጽሐካ ተቀበሎ፡ኣብ ጊዜ ፈተናኻ ተዐገሥ። ብእግዚኣብሔር ተኣመን ንሱ ድማ ኪሕግዘካ ኢዩ፡ መንገድኻ ናባኡ ብምውካል አርትዕ" |

**ምስጋና ፥**

1. **ንወለዲ**
2. **ንገዳም ዘ/ክ**
3. **ኩሎም ኣብ ጉዕዞ ጸዋዕታኡ ዝሓገዙን ዝጸለዩን**